# <u>እሙናት ዘብቑለ ተኣማንነት</u>

ካብቲ ማዕጸ ኩሉ ሰብ ገዲፉካ ክወጽእ ከሎ ጐይታ ግና በይኑ ይኣቲ። ኣብቲ መጐትቲ፣ ናትካ ነገር ተወዲኡ እዩ ዝበሉሉ ህሞት፣ ገና ኣሎ ኢሉ ዝማጐት ጐይታ እዩ። ብዛዕባ ተኣማንነት ክንዛረብ ከሎና፣ ኣብ ኵሉ ዘመናት ዘይተለወጠ ተኣማንነት፣ ናይ እግዚኣብሄር ተኣማንነት ጥራይ ኮይኑ ንረክቦ። እሙን መጸውዒ ስም ጐይታ ካብ ኮነ፣ ተግባሩ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ዘለኣለማዊ ናይ እግዚኣብሄር ባህርዩ ምኳኑውን ንርዳእ። "... እቲ ተቐሚጥዎ ዘሎ ከኣ እሙንን ሓቀ ን ይበሃል" (ራእ 19፥11)። ተኣማንነት፣ ንእግዚኣብሄር መጸበቒ ስም ክኮኖ ዝተዋህቦ ዘይኮነስ ካብቲ ዘለኣለማዊ እሙን መንነቱ ዝተወስደ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ኣብ ዝሓለፈ ኵሉ ዘመናት ኣብ ናይ ተኣማንነት መንበር ዝረከብናዮ እግዚኣብሄር በይኑ ጥራይ ዝኾነ።

ከም ደቂ እስራኤል ንከነኣን ክትኣቱ ክትብገስ ትክእል ኢካ። እቲ መጀመርታ ዝመጽእ ሕቶ ግን "ባሕሪ ኤርትራን፣ ምድረ በዳ ሲናን ከመይ ገይርካ ክትሰግሮ ኢካ" ዝብል እዩ። እግዚኣብሄር ኣብ ዝተመቓቐለ ሓሳባት ደቂ እስራኤል ባሕሪ መቒሉ ከስግር ዝክእል እሙን ኣምላክ እዩ። ዋላ እኳ ድፍኢት ናይቲ ባሕሪ ኣብ መንጐ ክደፍኖም ይደናደን እንተነበረ፣ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ግና ካብ ደረቱ ከይሓልፍ ዓትዒቱ ሒዝዎ ነይሩ። ስለዚ ድማ እዩ "እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንሱ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፣ ንዚፈትዉዎን ትእዛዙ ንዚሕልዉን ክሳዕ ሽሕ ወለዶ ምሕረት ዚገብር፣ ኪዳን ዚሕሉ እሙን ኣምላኽ ከም ዝኾነ፣ ፍለጥ" ዝተባህለ (ዘዳ 7፥9)። ተኣማንነት እግዚኣብሄር ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ዘይረኣየ፣ ኣብ ምድረ በዳ ሲና ክርእይ ኣይክእልን እዩ (እብ 6፥18፣ ሮሜ 3፥4፣ መዝ 146፥6)። ኣብ ናይ ህይወት ምድረ በዳ ሲና ድማ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ስለ ዝኣመንና ገና ንጐይታ ኣሚንና ንጐዓዝ ኣሎና። እቲ ካብ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ዝወደቐ፣ እሙን ኮይኑ ክርከብ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ድሕሪ ባሕሪ ኤርትራውን እንተኾነ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ክንዝክር ዘድልየና (ነህ 4፥14፣ መዝ 63፥6፣ መክ 12፥1፣ ዮና 2፥7)።

ኣብ ብሉይ ኪዳን ንእግዚኣብሄር "... ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኣካ ገይሩ ዝሰደደልና ኵሉ ቓላት ዝበለና እንተ ዘይገበርና፣ እግዚኣብሄር ኣብ መንጎና ሓቀ ን እሙንን ምስክር ይኩነና" ይብል (ኤር 42፥5)። ኣብ ሓድሽ ኪዳንውን ንክርስቶስ "... ካብቲ እሙን ምስክርን በዅሪ ምዉታትን ርእሲ ነገስታት ምድርን ዝኾነ ኢየሱስ..." ብምባል ይገልጾ (ራእ 1፥5)። ኣብ ኵሉ ዘመናት ተኣማንነት እግዚኣብሄር ዝቦከረሉ ዕለት የለን። እቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝነበረ እሙን ኣምላኽ፣ ኣብ ሓድሽ ኪዳንውን እሙን ነይሩ። ንድሕሪ ሕጂውን እሙን ኮይኑ ይነብር። ስለዚ ድማ እዩ ኣብ ክልቲኡ ኪዳናት "እሙን ምስክር" ተባሂሉ ተገሊጹ ዘሎ። "ብእኡ ዝሰመርኩ ፍትዊ ወደይ ..." ዝብል ምስክርነት ምስ ሰማዕካ፣ መርበብካ፣ ጃልባካ፣ ኣቦካ፣ ኣዴኻ... ኮታ ዅሉ ገዲፍካ ክትስዕብ ዝገበረካ እሙን ምስክር እዩ። ንጐይታ ዝኣመንናዮ ስለ ዝርኣናዮ ኣይኮንናን፣ ስለ ዝኣመንናዮ ኢና ርኢናዮ። ናይ እግዚኣብሄር ተኣማንነት ዘይተለወጠሉ ምኽንያት፣ ዘይልወጡ እሙናት ሰባት ንኣምላኽ ምእንቲ ክጥሪ ኢሉ ደኣ እምበር፣ በዚ

ተኣማንነት እዚ ዝነግዱ ኣመንቲ ምእንቲ ክህልዉ ኣይኮነን (1ሳሙ 22፡14፣ ዘሁ 12፡7፣ ነህ 9፡8)።

ተኣማንነት እግዚኣብሄር ካብ እንርእየሉ ኩነታት፡
ኣብ ፈተና፡- ምንምኳ እቲ ፈታኒ ንምፍታን እሙን እንተ ኮነ፡ እቲ ረዳኢውን ንረድኤትና ኩሉ ሳዕ እሙን እዩ። ኣብ መንጐ እዚ ኽሉ ግና ፈታኒ ልዕሊ ረዳኢ ዝተራእየሉ ዘመን የለን። ስለምንታይ እዩ እቲ ኵሉ ዝበጽሓኒ ፈተና ክጸሮ ክኢለም ኢልና እንተ ሓቲትና፡ እቲ መልሲ "ኣምላክ እሙን ስለ ዝኮነ" ዝብል እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ "ሰብ ኪጸሮ ዘይክእል ፈተና ኣይበጽሓኩምን። ኣምላክ እሙን እዩ" ዝበለ (1ቈረ 10፡13)። ተኣማንነት እግዚኣብሄር ኣብ ህይወትና ንዝበጽሓና ፈተና ደረት ስለ ዝገብረሉ፡ ልዕሊ ዓቕምና ከይሓለፈ ክንነብር ክኢልና ኣሎና። ስለዚ ፈተና ብዝበጽሓና መጠን ኵሉ ጊዜ ኣምላክ እሙን ምኳኑ ክንዝክር የድልየና። ኣብ ፈተናካ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ምሕሳብ፡ ሓይልን ብርታዐን እዩ። ብኣንጻሩ እቲ ኣብ ፈተናኡ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ዘይሓስብ፡ ነቲ ፈታኒ ኢዱ ክህብ ኣብ ቀረባ እዩ (ሉቃ 10፡19፣ 22፡31-32፣ ሮሜ 16፡20፣ 1ቈረ 10፡13)።
2. ኣብ ቅድስና፡- ሰብ ካብ ገዛእ ርእሱ፡ ርእሱ ክቕድስ ዓቕሚ የብሉን። ቅድስናና፡ ሓደ ካብቲ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ጐሊሑ እንርእየሉ መስኮት እዩ። ነታ ካብ ኢያሪኮ ናብ ኢየሩሳሌም ብዝድይቡ ዝነበሩ ኵላቶም ተፈንፊና ተደርቢያ ዝነበረት ህይወትና፡ ቅርብ ኢሉ ብኣብ ዘይቲ ዝለስለሰ ኣእዳው ገይሩ፡ ነቲ ንቑጽ ቁስሊ ክድህስስ ክትርኢ፡ ካብዚ ዝዓቢ ተኣማንነት ኣይንጽበን። ሰባት ብዛዕባካ ልቦም ጸቢብዎም ከሎ፡ ጐይታ ግና ከም ኣብ ርሒብ ከመላልሰካ ክትርኢ፡ ዋንነት ናይ ተኣማንነት ካብ ምድሪ ዘይምኳና ተስተብህል። ተኣማንነት እግዚኣብሄር ካበይ ከም ዘልዓለካ ስለ ትፈልጥ ድማ፡ ንቅድስናካ ክትሕሉ ካብዚ ምድራዊ ሓሳብ ልዕል ኢልካ ትነብር። ጐይታ በታ ብምኽንያት ሓጢኣትና ተደርቢና ዝነበርና መንገዲ እንተዘይሓልፍ ነይሩ፡ መዋእልና ኣብኡ ምተጐሓፍና ነይርና። "ኣምላክ ሰላም ንኩለንትናኹም ይቐድሶ... እቲ ዝጽውዓኩም ዘሎ እሙን እዩ፡ ንሱውን ኪገብሮ እዩ" ይብል (1ተሰ 5፡24)። ስለዚ ናትና ቅድስና ናይ እግዚኣብሄር ተኣማንነት ዘርእየና ካብ ኮነ፡ ናቱ ናይ እግዚኣብሄር ቅድስና ማዕረ ክንደይ ተኣማንነቱ ዘየርእየና (1ጴጥ 2፡9፣ እብ 12፡10፣ 1ተሰ 3፡13፣ 1ተሰ 14፡20)!
3. ኣብ ምጽናዕ፡- ኣብ ክርስትና ዘላ ጽንዓት፡ ካብታ ኣብ ዓለም ዘላ ጽንዓት እትፍለየሉ፡ እቲ ተተርኢሳትሉ ዘላ ጸግዒ እዩ። ክንዮ እቲ ንክንጸንዕ ዝተከልናዮ ዓንዲ፡ ኣምላክ ኣብ ልባትና ዝሰረቶ ዘጽንዕን፡ ዘጸናንዕን መንፈስ ስለ ዘሎ፡ ገና እሙናት ኴንና ክንነብር ክኢልና ኣሎና። ምጽናዕና ሓደ ጊዜ ብርቱዕ ውሒዝ ምስ ወሓዘ፡ ንፋስውን ምስ ነፈሰ እንስከፈሉ ናብራ ዘይኮነስ፡ እቲ ንዕኡ ተኣሚንና ደው ኢልናሉ ዘሎና ጐይታ እሙን ስለ ዝኮነ ጸኒዕና ደው ክንብል ገይሩና ኣሎ። "እቲ ዘጽንዓኩምን ካብ ክፉእ ዝሕልወኩምን ጐይታ እሙን እዩ" (2ተሰ 3፡3)። ሓደ ሓደ ጊዜ ከምዝን ከምትን ስለ ዝገበርና ዝጸናዕናኳ እንተ መሰለና፡ እቲ ንክንጸንዕ ብታሕቲ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብላዕሊውን ኣእዳውና ሒዙ ዘጽንዓና ዘሎ ተኣማንነት እግዚኣብሄር እዩ። እዚ ተኣማንነት እዚ ዝሰርሖ ፍጻሜ ኣባና እንተተራእየ ምንጩ ኣዚና ክነስተውዕሎ የድሊ። "ብመዓልቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዘይ እንታ ክትኮኑ ክሳዕ መወዳእታ ከጽንዓኩም እዩ። እቲ ናብ ሕብረት ወዱ የሱስ ክርስቶስ ጐይታና ዝጸውዓኩም ኣምላክ እሙን እዩ"

(1ቈረ 1፡8-9)። እቲ ብእንተታት ዝተመልአ ሰብ፡ ክሳብ መዓልቲ ጐይታ ብዘይ እንታ ክርከብ፡ ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኑ ዝሰርሕ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ስለ ዘሎ እምበር፡ ካብ ርእሱ እሙን ክከውን ስለ ዝከኣለ ኣይኮነን። ስለዚ እዚ ደው ኢልናዮ ዘሎና ገና ኣምላክ እሙን ስለ ዝኮነ እዩ እሞ፡ ከይንወድቕ እናተጠንቀቕና ክንነብር የድልየና (1ቈረ 15፡58፣ ገላ 5፡1፣ ፊል 1፡27፣ 1ጴጥ 5፡9)።

4. ኣብ ይቕሬታ፡- እታ ሰብዓ ሳዕ ሸውዓተ ምሕረት እተገብረላ ነፍሲ፡ ነዚ ረሲዓ ሸውዓተ ሳዕ ጥራይ ንብጻያ ይቕረ ክትብለሉ ስለ ዝመረጸት ንርእሳ ከም ቅዱስ ገይራ ክትወስዳ ትክእል እያ። እቲ መሓሪ ኣምላክ ከይወድአ፡ እቲ ሓጥእ ሰብ ዝተወድኦ ጊዜ ሒደት ኣይኮነን። እቲ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ዓለም ከም ደበና ዝተዘርግሐ፡ ኩሉ ሰብ ዘይክሕዶ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ከኣ፡ እግዚኣብሄር መሓርን ይቕረ ዝብል ኣምላክ ምዃኑን ምስክር እዩ። ከምቲ ኣብ ቤት መቕደስ መመሊሱ ዝብድል ዝነበረ ፈሪሳዊ ዘይኮነስ፡ ከምቲ ርእሱ ኣትሒቱ ዝናዘዝ ዝነበረ ተጋዊ፡ ትሕት ዝብል ሰብ፡ ይቕሬታ ከም ዝረክብ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ግሉጽ ዋሕሱ እዩ። ሃዋርያ ዮሃንስ “ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና ንሓጢኣትና ይቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ” ይብለና (1ዮሃ 1፡9)። እቲ ገና ሓጥኣን ከሎና ዘፍቀረና ጐይታ፡ ንሓጢኣትና ይቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ። ክብደት ናይቲ ሓጢኣት ዋላ ልዕሊ እቲ ሚዛን እንተ ከበደ፡ ንይቕሬታ ዝከውን ተኣማንነት ዘይስኣኖ ኣምላክ ግና ነዚ ክብደት እዚ ፈጺሙ ከም ዘይህሉ ክገብሮ ከኣሊ እዩ። ስለዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምሕረት ዝረከብናለን መዓልትታት፡ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ኣዚና ከነስተውዕል የድልየና። ኑዛዜ ብዘይ ሓጢኣት የለን፡ ይቕሬታውን ብዘይ ኑዛዜ የለን፡ ይቕሬታ ዘይብሉ ተኣማንነት ከኣ የለን (መዝ 103፡3፣ ማቴ 6፡14፣ ግብ 5፡31፣ 13፡38፣ ኤፌ 1፡7፣ 1ዮሃ 1፡9)።

5. ኣብ ተስፋታት፡- ኣብ ዓለም፡ ተስፋታቶም ኣብ ልቦም ከሎ ዝነቐጸ ሰባት ብዙሓት እዮም። እዚ ድማ እቶም ተስፋ ዝሃቡዎም ኵላቶም ዘይእሙናት ስለ ዝነበሩ እዩ። ኣብ ክርስትና ግና ብዛዕባ ተስፋታትና ሓንቲ መዓልቲውን ትኩን ተሰኪፍና ዘይንፈልጥ፡ እቲ ተስፋ ዝሃበና ጐይታ እሙን ስለ ዝኮነ እዩ። ንዘይትኣምኖ ተስፋ ኣይትጽበዮን ኢካ፡ ንዘይትጽበዮ ተስፋውን ኣይትነብረሉን ኢካ። እቲ ኣብ ክርስትና ብተስፋ ንነብረሉ ዘሎና ምኽንያት ግና ሓደ ዝኣመንናሉ ተኣማንነት ስለ ዘሎ እዩ። ኣምላክ እሙን ከም ዝኮነ ምሕሳብ፡ ንተስፋታትና ሓይሊ ይውስከሉ እዩ። እስራኤል ኣብ ምድረበዳ ሲና ልዕሊ በቲ ዝበልዖ መግቢ፡ ብተስፋ ናይ ከነኣን ዝተጓዕዞ ጉዕዞ ይበዝሕን ይሕይልን። ስለዚ ድማ እዩ እቶም ዓሰርተ ልኡካት ብዛዕባ እታ ዝሰለይዋ ምድሪ፡ ተስፋ ዘቑርጽ ጸብጻብ ምስ ነገርዎም እቲ ህዝቢ ምሉእ ለይቲ ክበኪ ዝሓደረ። ኣብዚ እስራኤል ሓንቲ ነገር ረሲዑ፡ ንሱ ከኣ ተኣማንነት እግዚኣብሄር። ስለዚ “እቲ ተስፋ ዝሃበና እሙን እዩ እሞ፡ ነታ እሙንቶ ተስፋና ብዘይ ምንቕናቕ ነጽንዓያ” (እብ 10፡23፣ መዝ 31፡20፣ 33፡18፣ 39፡7፣ 42፡11፣ 71፡5፣ 146፡5)።

ኣብ ዘመናት ኵሉ እግዚኣብሄር ተኣማንነቱ ከይገለጸ ዝሓለፈሉ ጊዜ የለን። ኣብቲ እግዚኣብሄር ገጹ ዝሓብኣሉ ዝነበረ ዘመናት' ውን እንተኮነ፡ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ኣብ ሰማያትን ደበናታትን ተዘርጊሑ ይምስክር ነይሩ። ኣብቲ ሰባት ነቲ እሙን ኣምላክ ጠሊሞም ዝነብርሉ ዝነበሩ እዋን'ውን፡ ንሱ ንርእሱ ክክሕድ ስለ ዘይክእል እሙን ኮይኑ ይነብር ነይሩ (2ጢሞ 2፡13፣ መዝ 36፡5)። ንተኣማንነት እግዚኣብሄር ብምልኣት ክገልጾ ዝክእል የለን። ከይርአ ክክልክሎ ዝክእልውን የለን። ኣምላክ ንርእሱ ብዘይ ምስክር ስለ ዘይሓድግ፡ ኣብ ዘመንና'

ውን ተኣማንነት እግዚኣብሄር እንርእየሉ ብዙሕ ፍጻመ ስለ ዘሎ ኣጸቢቕና ደኣ ንጠምት።

ተኣማንነት እግዚኣብሄር ዘለኣለማዊ ተኣማንነት እዩ። ኣብቲ መንፈስና ዝተሓለለሉ፡ ኣብራክና ወለል ዝበለሉ እዋን ናብ ላዕሊ ናብ ሰማያት እንተ ጠሚትና፡ ገና ተኣማንነት እግዚኣብሄር ኣብ ሰማያት ጸኒዑ ኣሎ። “ጸጋ ንዘለኣለም ክህነጽ፡ እምነትካውን ኣብ ሰማያት ከተጽንዖ ኢካ በልኩ” (መዝ 89፡2)። ዋላ' ኳ ነዚ ኣብ ሰማያት ጸኒዑ ዘሎ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ከይንርኢ ዝክልክል ደበና ኣብ መንጎ ይኣቱ እንተኾነ፡ ነዚ ደበና ተወጢሑ ክኣልዮ ዝክእል ኣምላክ ስለ ዘሎ ምጥማትና ኣዚና ከነጽንዖ ይግብኣና እዩ።

ተኣማንነት እግዚኣብሄር ዝወድቀሉ ዕለት የብሉን። ኣብ ኣስናን እቶም ክሕይኩና ዝደልዩ ኳንና፡ ገና ንእግዚኣብሄር ከነመስግን ገይሩና ዘሎ እዚ ተኣማንነት እዚ እዩ። ናይ ብዙሓት ሰባት ሕቶ እታ መርከብ ናበይ ትከይድ ኣላ ዝብል እዩ። ናይ ኣመንቲ ሕቶ ግን ነታ መርከብ መን ይመርሓ ኣሎ ዝብል እዩ።

ኣምላክ እሙን ምኳኑ ምዝካር፡ ንእምነትና ሓይሊ እዩ። ምድረ በዳ ሲና ሕጂ ካብ ከነኣን ተመሊስና ክንርእዮ ከሎና ሚልዮናት ህዝቢ ሓሊፉሉ ክነሱ፡ ናይ እግዚኣብሄር ኣሰር ጥራይ ኢና ንርእየሉ። ትዕግስቱ፡ ርሕራሔኡ፡ ፍቕሩ፡ ጉስነቱ፡ መሪሕነቱ፡ ኣቦነቱ ወዘተ ኣብቲ መንገዲ እንረክቦም ናይ እግዚኣብሄር ኣሰር ጥራይ እዮም። ሰብ ንወዱ ከም ዝሕንግሮ፡ እግዚኣብሄር ንልዕሊ ሽዱሽተ ሚልዮን ህዝቢ ሓንጊሩን ሓዚሉን ኣስጊርዎ። ተኣማንነት እግዚኣብሄር ኣብ ምድረ በዳ ሲና ክገድፈና እዩ ኢልና ዘይንስከፈሉ ተኣማንነት እዩ (ዘዳ 32፡9-13፣ መዝ 107፡4-12)።

እዚ ዘይእሙንን ቁናንን (ወለዶ) ካብ ፋብሪካታቱ ዘይእሙናትን ቁናናትን ሰባት ብብዝሒ ንዕዳጋ ይቐርብ እኳ እንተሎ፡ ንናይ እግዚኣብሄር ተኣማንነት ክሕቅኞ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ልብና ናይ እግዚኣብሄር ተስፋ ተዓጢቑ እሙን ኮይኑ ክርከብ ጸጋ የብዝሓልና።

ባህርይ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ኣብ ዓቐብን ቁልቁልን ኣብ ሃሩርን ዛሕልን፡ ኣብ ምርካብን ምስኣንን ተለዊጡ ዘይፈልጥ፡ ብማዕረ ኵሉ ሳዕ፡ ኣብ ኵሉ ቦታ ዝርአ መንነት እግዚኣብሄር እዩ። ንኣምላክ እሙናት ዘይኮኑ ሰባት ብዙሓት እዮም። ኣምላክ ንዓኣቶም እሙን ዘይኮነ ሰባት ግን የለዉን። ኣብ ጊዜ መከራ ዝርአ ተኣማንነት እግዚኣብሄር፡ ኣብ ጊዜ ራህዋ ዝርአ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ሓደ እዩ። እቶም ኣብ መከራኦም እሙናት ዝኾኑን፡ ኣብ ጊዜ ራህዋኦም እሙናት ዝኾኑን ሰባት ግና በበይኖም እዮም። ብዙሕ እዋን፡ ንኣምላክ ካብ ኣብ ምርካብ ኣብ ምስኣን ክንእመኖ ይቐለና። ነገራት ምስ መልአ ግና ተኣማንነት፡ ከም ዘመኑ ዝሓለፎ ኣብ ሳንዱቕ ዓጺና ክንነብር ኢና ንደልይ። ቅዱሳን ግና ኣብ መከራኦም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ናይ ራህዋ ዘመንውን ከይተረፈ ንእግዚኣብሄር እሙናት ኮይኖም ሓሊፎም እዮም። ነቲ መከራ ከም ዝግብኦም ዕጻን፡ ከም ብጽሒቶምን ወሲዶም፡ ማእሰርቶም ድማ ጉያ ንናይ ዘለኣለም ህይወት ምኳኑ ኣሚኖም ብተኣማንነት ንእግዚኣብሄር ተኣሚኖም ሓሊፎም። ንጊዜ ራህዋኦም ድማ ንኣምላክ ከይብድሉሉ፡ ርእሶም ብጽድቂ እናሓለዉ ብተኣማንነት ሓሊፎም። ኣብ ግራት ራህዋ ኮይኖም ዘይተኣማንነት ከይዘርኡ ለይትን መዓልትን ብጸሎት እናነቕሑ፡ ፍሬኦም ንቅድስና ዘብዝሑ ዝነበሩ ውሉድ እዮም።

## ኣብ ኩሉ እሙን ምኳን

"ሙሴ ግና ኣብ ብዘላ ቤተይ እሙን እዩ" (ዘሁ 12፥7)። ኣብ ማእከል እቲ ንግብጺ ብልቡ ተመሊሱ ዝነበረ፣ ማና እናበልዐ ሽጉርቲ ግብጺ ዝናፈቐ፣ ብዓንዲ ደበና እናተመርሐ ንድሕሪት ዝጕየየ፣ መጕረምረሚ፣ ፈራህ፣ ንእግዚኣብሄር ብልቡ ዝፍትን ህዝቢ እናተመላለስካ ገና ንእግዚኣብሄር እሙን ኴንካ ምንባር፣ ኣብ ምድሪ ዝነብር ሰማያዊ ሰብ ምኳንካ ምስክር እዩ። ምስ በዓል ቆራሕን ኣካንን ኣብ ሓደ መድረክ እናኣገልገልካ ከሎካ፣ ኣብ ግብጺ ይኩን ኣብ በረካ ሲና እሙን ኴንካ ምንባር፣ ማዕረ ክንደይ እግዚኣብሄር ምስጢሩ ዝገለጸሉ ቀረባ ኣምላኽ ምኳንካ ምልክት እዩ። ሎሚ፣ ኣብዚ ናይ መከራ ዘመን፣ ክንደየኖት ኮን ንከውን ከምዚ ናይ ሙሴ ምስክርነት ብእግዚኣብሄር ዝምስከረልናም እግዚኣብሄር ግና ንተኣማንነት ቅድም ኣብ ልቢ ይመዝኖ። ኣብዚ ሚዛን እንድሕር ዘይሓሊፍና፣ እቲ ብደገ እሙናት ክንከውን ኢልና እንገብሮ ልዕለ-ምንቅስቓስ ዘይተኣማንነትና ጥራይ እዩ ዘርኢ (እብ 3፥5፤ ራእ 2፥10)። ሙሴ፣ እግዚኣብሄር ከይተሰከፈ ናብ ዝደለዮ ውግእ ክልእኮ ዝክእል እሙን ዓ ቀይታይ ነይሩ። ሙሴ ንነፍሱ ካብ ዘለኣለም ህይወት ተሓኪኩ፣ ብዋጋ ድሕነቱ ንህዝቡ ከድሕን ዝመረጸ ኣገልጋሊ እዩ (ዘጸ 32፥32)። እቲ ዘሕዝን ሎሚ ብዋጋ ህዝብና ክንድሕን እንደሊ ኣመንቲ ብዙሓት ምህላውና እዩ። እቶም ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ቤተይ እሙናት እዮም ዝብሎም ግና ከምዚ ናይ ሙሴ ልቢ ዘለዎም እዮም።

ሎሚ ኣብ ክርስትና ክንደይ ሳዕ ተበዲልና ኣሎናም ክንደይ ዓቕብን ቁልቁልን ሓሊፍና ኣሎናም ክንደይ መከራከ (ስለ ወንጌል) ንሓልፍ ኣሎናም ኣብዚ እዋን እዚከ ንኣምላኽ እሙናት'ዶ ኣሎናም እቲ ዘሐጉስ ግን ኣብዚ ኹሉ እዋን ኣምላኽ እሙን እዩ። ካብ ናይ ተኣማንነት መንበሩ ተንቀሳቒሱ ዘይፈልጥ ኣምላኽ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ (ራእ 1፥8፤ 2ጴጥ 3፥8፤ መዝ 105፥13፤ 135፥13)። ክሳዕ መዓስ እሙናት ክንከውን ኣሎና ዝብል ሕቶና፣ በቲ ንተኣማንነትና እንታይ ዋጋ ተኸፊሉሉ ዝብል ሓሳብ ክንምልስ። ጐይታ ንዓና እሙን ምኳኑ ከርእየና፣ ገዛእ ርእሱ ንዘይእሙናት ኣሕሊፉ ሂብዋ። ስለዚ ነቲ ብሞት ዘጥረየና ተኣማንነት ጐይታ እናዘከርና ንሕናውን ክሳዕ ሞት እሙናት ብምኳን ኣክሊልና ኣብ ውሑስ መዝገብ ከነቐምጦ ይግባእ (ራእ 2፥10)።

እቲ ኣብ ጊዜ ነህምያ ዝነበረ ሃናንያ ካብ ካልኦት ኩላቶም ዝበለጸ እሙን ነይሩ። ብሚዛን እቶም ኣብ ከባቢና ዘለዉ ሰባት ንተኣማንነትና እንተደኣ ዓቒንናዮ፣ ቀዳማይ ብልጫ ከውህበና ይክእል እዩ። እግዚኣብሄር ግና ኩላቶም ሰባት መዚኖም ምስ ወድኡ ሚዛኑ ስለ ዝመዝን፣ ዳሕረዋይ ግን ፍጹም መዐቀኒ ኮይኑ እዩ ዝወጽእ። ኣብቲ ሓደ ገልዒ ሚዛን፣ ናይ ሰባት ናእዳ እኳ እንተ ተኾመረ፣ ካብታ እግዚኣብሄር ዝምስክራ ሓንቲ ምስክርነት ይረዝን እዩ። ናይ እግዚኣብሄር ናይ ተኣማንነት ምስክር ኣብ ምሕላንን ሓሳብ ልብን ብዘሎ ፍልልይ እኳ እንታ ዘይርከበሉ ብቑዕን ፍጹምን መዐቀኒ እዩ። ስለዚ ብዛዕባ ተኣማንነትና እንታይ ምስክርነት ምተዋህበም ሃናንያ ግና "... ካብ ካልኦት ሰባት ዝበለጸ እሙንን ፈራህ ኣምላኽን ነበረ ..." (ነህ 7፥2)። እግዚኣብሄር፣ ንተኣማንነትና ኣብዚ ዘይእሙንን ሓጥእን ወለዶ መዚንና ርዝነቱ ከይነጉድሎ፣ የጠንቅቐና። ኣብዚ ዘይተኣማንነት ከም ዋኒን (ህችዝቾቦቅዘዘ) እምበር ከም ሓጢኣት ዘይረኣየሉ ዘሎ ዘመን፣ ንሕናውን ከም ክቡር ንብረት ንነግደሉ ከይንህሉ ክንጥንቀቕ የድሊ። ስለዚ ካብቶም ኣብ ከባቢና ዘለዉ ኩሎም ሰባት ዝበለጹ እሙናት ተባሂሉ

ክምስከረልና እግዚኣብሄር ንዘይተኣማንነትና ተኣማንነት ይምልኣዮ (ሉቃ 16፥12፣ ማቴ 25፥25፣ ማቴ 25፥24፣ ኢሳ 5፥7)።
ብዙሕ ጊዜ ንተኣማንነትና ክንነብረሉ እነማዕድዎ መድረኽ ኣብ ዓብዪ ኣገልግሎት ኣምላክ እዩ። ቃል እግዚኣብሄር ግና እዚ ኣብ ዓብዪ ኣገልግሎት ኴንና እንቐጽሎ ተኣማንነት፡ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ሒደት ዝተኣመንናዮ ምእማን ምዃኑ ይምህረና። ኣብ ሒደት እሙን ዘይኮነ ክርስትያን ኣብ ብዙሕ እሙን ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ሒደት፡ ኣፍደገ ናይ ብዙሕ ካብ ኮነ፡ ብናይ ተኣማንነት ኣፍደገ ወይስ ብናይ ዓመጻ ኣፍደገ፡ በየናይ ኣቲና ንነብር ከም ዘሎና ኣዚና ክነስተብህል የድሊ። “ብሒደት እሙን ዝኾነ ብብዙሕ ድማ እሙን እዩ። እቲ ብሒደት ዝዕምጽ ድማ ብብዙሕውን ዓማጺ እዩ” (ሉቃ 16፥10)። ናይቲ ኣብ ብዙሕ ኴንና እንእመኖ ተኣማንነት ብመስኮት ናይቲ ብሒደት ኴንና እንእመኖ ተኣማንነት ኢና እንርእዮ። ኣብቲ ሒደት እሙን ዘይኮነ ክርስትያን፡ ነታ ሓንቲ መክሊቱ ቀቢሩ ኣብ ምዝናይ ዘሎ ክርስትያን እዩ። ኣብቲ ንእሽቶ እንብሎ ኣገልግሎትና ማለት ናይ ግሊ ናይ ጸሎት ጊዜና፡ ናይ ግሊ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ምንባብ ጊዜና፡ ፍቕርና፡ ትሕትናና ወዘተ ዘሎና ተኣማንነት ከመይ ይህሉም ኣብዚ፡ እሙን ዘይኮነ ክርስትያን ኣብ ዓብዪ ኣገልግሎትን ኣብ መከራን እሙን ክኸውን ኢሉ ክጽበ የብሉን።
ጣዕሚ ኣገልግሎትና ነስተማቕሮ ናይ ተኣማንነት ቀመም ምስ ዝኣትዎ እዩ። ተኣማንነት ዘይብሉ ኣገልግሎት ከም መኣዛኡ ዘጥፍአ ዕምባባ ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ተበሃጊ ኣይኮነን። ናትና ተኣማንነትን ዘይተኣማንነትን ንብዙሓት ኣመንትን፡ ዘይኣመንትን ኣርኣያ እዩ። ስለዚ ነቲ እነገልግሎን እንመላለሶን ዘሎና ናብራ ኣበየናይ ባቡር ኴንና ንስሕቦ ከም ዘሎና ክንግንዘብ የድሊ። ኣብ ተኣማንነትዶ ወይስ ኣብ ዘይተኣማንነትም (1ነገ 12፥15፣ 2ዜና 19፥9፣ 2ዜና 31፥12፣ 3ዮሃ 5)

እሙን ልቢ
እግዚኣብሄር መጀመርታ ንተኣማንነት ኣብ ልቢ ይደልዮ። እቲ ብልቡ እሙን ዘይኮነ፡ ብደጋዊ ኣገልግሎቱውን እሙን ኣይከውንን። እቲ ብተፈጥሮኡ ጕራሕን ሕሱምን እዩ እተባህለሉ ልቢ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እሙን ልቢ ኮይኑ ክርከብ ከሎ፡ ነቲ ታሪክ ናይ ልቢ ዝቕይር እግዚኣብሄር ነድንቖን ነመስግኖን። እግዚኣብሄር ንኣብርሃም “ነቲ ሓደ ወድኻ ሰውኣለይ ምስ በሎ” ልቢ ኣብርሃም ገና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንምእዛዝ እሙን ነይሩ። ስለዚ ድማ እዩ ከምዚ ኢሉ እተመስከረሉ። “... ልቡውን ኣብ ቅድሚኻ እሙን ኮይኑ ረኸብካዮ” (ነህ 9፥8)። ተኣማንነት ብመሓውር እምነት እትጕዓዝ፡ ብምእዛዝ እንነብራ ናብራ ክርስትና እያ (ዘዳ 26፥16፣ እያ 1፥8፣ 1ሳሙ 15፥22፣ ማቴ 7፥21፣ ግብ 5፥29)።
ኣብ ደጋዊ ኣገልግሎትና ዘይእሙናት እንተ ኴንና፡ ብጕይታ ኣሕዋትካ መጺኦም ይገንሑኻን ይመልሱኻን። እቲ ብልብና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘይእሙናት እንኮና ግና ዝኸፍአ ሓደጋ ዘለዎ ምልምማድ እዩ። ካብ እግዚኣብሄር ዘይእሙን ክብለካ፡ ሰብ ዘይእሙን ክብለካ ይሓይሽ። እግዚኣብሄር ንተኣማንነት ኣብ ልቢ ክመዝኖ ከሎ፡ ሰብ ግና ኣብ ደጋዊ ዕዮ ይመዝኖ። ስለዚ ልብና እቲ ዘለዋ ትርግታ ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ብተኣማንነት እትጠርዕን ንእግዚኣብሄር እተዘክርን ክትከውን ጸጋ የብዝሓልና።

“እቲ እናሓመየ ዝዘውርሲ ምስጢር ይቐልዕ፥ እቲ እሙን ልቢ ዘለዎ ግና ንነገር ይስውሮ” (ምሳ 11፥13)

ብጐይታ እሙናት ንከውን
ሰብ ኤፌሶን፥ ኣብ ማእከል እቶም ንረብሓ ኣርጤምስ ረብሓ መንግስቲ ኣምላክ ሸይጦም፥ ኣብ ሲኦል ዝህልዎም ርስቲ ዘስፍሑ ዝነበሩ ኮይኖም፥ ኣብ ማእከል እቶም ኣመንቲ መሲሎም ኣብ ማሕበር ኣምላክ ዝኣተዉ ግናከ ወለዶታት ብምዝርዛር ንነፍሶም ካብ ወለዶ እግዚኣብሄር ዘርሕቑዋ ዝነበሩ ኣይሁድ፥ ኣብ ማእከል እቶም ናይ እምነት መርከቦም ተሰቢራቶም ክነሶም፥ ገና እምነት ካልኦት እናቖሰሉ ዝነብሩ ዝነበሩ ሄሜኔዎስን እስክንድሮስን ኮይኖም፥ እሙን ህይወት ሒዞም ምምልላስ ዝከኣሉ ብምኽንያት እቲ ንተኣማንነት ዘብቅዖም ጐይታ እዩ ነይሩ። ኣብ ኤፌሶን ዝነበሩ ኣመንቲ ኩላቶም ብተኣማንነቶም ዝተመስከረሎም ኣመንቲ ነይሮም። ኣብ ከምዚ ሕውስውስ ዝበለ ሕብረት ኬንካ እትእመኖ ምእማን፥ ነቲ ዳሕራይ ጐይታ ምስ መላእከቱ ምስ መጸ ዝእመነካ ምእማን መሰረቱ እዩ። ክርስትና ኣብ ጥዑም ኬንካ ንኣምላክ እሙን ምኳን ጥራይ ዘይኮነስ፥ ኣብቲ ዘይተኣማንነት ዝነገሰሉ ዘመንውን እሙን ኬንካ ምርካብ የድሊ እዩ። “ነቶም ኣብ ኤፌሶን ዘለዉ ቅዱሳንን ብክርስቶስ ኢየሱስ እሙናትን...” (ኤፌ 1፥1)።
ናትና ነገር ተደማሚሩ፥ ይትረፍ እሙናት ክንከውን ከብቅዓና፥ ናብቲ ተኣማንነት ዘለዎ መኣዝንውን ኣየጠምተናን እዩ። ብዙሕ ጊዜ እሙናት ክንከውን ደሊና ግናከ ዘይተኣማንነቱ ኬንና ዝተረከብናሉ፥ ምኽንያት ንተኣማንነት ባዕልና ከነጥርያ ስለ ዝደለና እዩ። ተኣማንነት ግና ካብ ጐይታ ክነሳ ተመሊስካ ንጐይታ እትነብራ ናብራ እያ። “ኣነ ነቲ ሓይሊ ዝህበኒ ክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ነገልግሎቱ መዲቡ፥ እሙን ክከውን ስለ ዘብቅዓኒ፥ ኤመስግኖ ኣሎኹ” (1ጢሞ 1፥12)።
እቲ ኣብ ቅድሚ ነገስታት፥ ደቂ እስራኤልን ኣህዛብን እሙን ኮይኑ ደው ዝበለ ጳውሎስ፥ ብምኽንያት እቲ ኣብ ዘይምእማን፥ ተኣማንነት ክተክል ዝክእል ኣምላክ እምበር፥ ብምኽንያት እቲ ዝውንኖ ዝነበረ ምድራዊ ናይ ፈሪሳውያን ተኣማንነት ኣይነበረን። ሎሚ እቲ እሙን ጐይታ እንተሎና ጥራይ ኢና እሙናት ንከውን (ዮሃ 15፥5-7፣ ዮሃ 16፥33፣ 2ቆረ 5፥17፣ ፊል 3፥9)።

ተስፋ ኣብ ተኣማንነት እግዚኣብሄር
ኣምላክ ካብ ዝኣረገ፥ ሓድሽን ህያውን ነገር ከውጽእ ከም ዝክእል ማህጸን ሳራ ምስክር እዩ። ሳራ ዘርኢ ንምትካል ብእምነት ሓይሊ ዝረከበት ነቲ እግዚኣብሄር ዝሃባ ተስፋ እሙን ገይራ ስለ ዝረኣየቶ እዩ። እቲ ንቓል እግዚኣብሄር እሙን ምኳኑ ዝርእን ዝቕበልን ሰብ ኣብዛ ተስፋ ዝሰኣነት ዓለም ተስፋ ንምትካል፥ ኣብዛ እምነት ዝሰኣነት ዓለም እምነት ንምትካል፥ ሓይሊ ይረክብ እዩ። ንሕና እሙናት ንከውን ካብ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ዝተላዕለ (ዝተበገሰ) ጥራይ እዩ። እቲ ተኣማንነት እግዚኣብሄር ከቋጽር ዘይመረጸ ሰብ ግና፥ ኣምላክውን እሙን ክከውን ከቋጽሮ ኣይክእልን እዩ። እዛ ሳራ ንተስፋ ኣምላክ ዝተኣመነታ ተኣማንነት፥ ኣብቲ ዝሞተ ማህጸና ከም ከዋኽብቲ ዝምብዝሑ ህዝቢ ንክፈሪ ምኽንያት ነይሩ። ተኣማንነት፥ ሓይሊ ህይወት ምኳኑ ማሕጸን ሳራ እሙን ምስክር እዩ (እብ 11፥11፣ 1ጢሞ 3፥11)።

ዓለም፡ እሙን ሰብ ተሰዓሪ እዩ ትብል፡ እግዚኣብሄር ግና እሙን ሰብ ሰዓሪ እዩ ይብል። ጸግዒ ተኣማንነት ልዕሊ እቲ ንክዋግኣና ኢሉ ተዳልዩ ዘሎ ኣጽዋር ይብርትዕ። እሙን ምኳን ማለት፡ ንነፍስካ ኣብቲ እሙን ኣምላክ፡ ኣብ ከረጺት ህያዋን ክትጥቕለል ብፍታው ምሃብ ማለት እዩ። ስለዚ እቲ ኣብ ኢድ እግዚኣብሄር ዝተጸረ ደኣ መን እዩ ዝምንዝዖም እቲ ኣብ ዘመን ህይወቱ ንኣምላክ እሙን ክከውን ዝሓሰበ፡ ኣምላክ'ውን ነቲ ሰብ እሙን ክከውን ይሓስብ። እቶም እሙናት ኵሉ ሳዕ እናሰዓሩ ዝነብሩ ዝነበሩ፡ ክእለቶም ሓይሊ ስለ ዘለዎ ዘይኮነስ፡ ኣምላክ ኣብ ህይወቶም ሓይሊ ስለ ዝወሰከ ጥራይ እዩ። "እዚኣቶም ምስቲ ገንሸል ኪዋግኡ እዮም፡ እቲ ገንሸል ግና፡ ጐይታ ጐይቶትን ንጉሰ ነገስትን እዩ እሞ ኪስዕሮም እዩ። እቶም ምስኡ ዘለዉ ጽዉዓትን ሕሩያትን እሙናትን ድማ ኪስዕሩ እዮም" (ራእ 17፡14)።
"እሙን ልኡኽ ነቶም ዝልእኽዎ ከምቲ ዛሕሊ ውርጪ ብጊዜ  ቐውዒ እዩ፡ ንሱ ንነፍሲ ጐይታኡ የቕስና" (ምሳ 25፡13)።
እግዚኣብሄር ንእሙናት ውሉድ ተሰኪፉሎም ኣይፈልጥን እዩ። እግዚኣብሄር ባዕ ሉ ንተኣማንነት ኣብ ህይወቶም ስለ ዝነደቖ፡ ብዘይ መገዲ ተላኢኮም ኣብ መዕ ረፊ ክበጽሑ ዝክእሉ ውሉድ እዮም። እቶም ኣብዚ ምድሪ ብተኣማንነት ዝነብሩ ዘለዉ ሰባት ካሕሳ ናይቲ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ዘሕለፎ ሞት እዮም። ጐይታ በዞም ሰባት እዚኣቶም ባህ ይብሎን ይከብርን። ብኣንጻሩ በቶም ዘይእሙናት ይጉህን ይሓዝንን።
ሓደ ሓደ እዋን ናይዚ ምድራዊ ናብራና ተኣማንነት፡ መስትያት ናይቲ መንፈሳዊ ተኣማንነትና ምኳኑ ንዝንግዖ ኢና። ጐይታ ግና ንደቂ መዛሙርቱ እዚ ሓቂ ክርድኡ፡ "እምብኣርከ ብገንዘብ ዓመጻ እሙናት ካብ ዘይትኮኑ፡ ንጥሪት ሓቂ ሕድሪ ዝህበኩም መን እዩ" ይብሎም (ሉቃ 16፡11)።

ባህርይ እሙን ሰብ
ተኣማንነት ኣይትዕምጽን እያ። ኣብዚ ዓመጻ ስለ ዝበዝሐ ናይ ብዙሓት ፍቕሪ ትዝሕለሉ ዘላ ዘመን፡ ተኣማንነት ንፍቕሪ ኣብ ልብካ ከም እትነድድ እትገብር ባህርይ እያ። ተኣማንነት፡ ስለ ዝረኣየት ዘይኮነስ ንክትርኢ ትነብር። ኣብቲ ዝተዋህባ ቃል ተስፋ እሙን ገይራ ብምሕሳብ ድማ ኣብቲ ጐይታ ዝሃባ ብእምነት ትሰርሕ። ምስላ ናይቶም ክልተ ባሮት እንተርኢና፡ እቲ ሓደ ጐይታ ክድንጕ እዩ ኢሉ፡ ንርእሱ ናብ ጐይታ ከይቀርብ ዘደንጕ ዝነበረ ባርያ ክከውን ከሎ፡ እቲ ሓደ ግና ዋላኳ ጐይታ እንተደንጐየ፡ ሕጂ ይመጽእ እዩ ኢሉ ይጽበ ስለ ዝነበረ፡ ብኣብ ውሽጢ ምድንጓይ ዝንበር ቅርበት ናብ ጐይታ ዝቐርብ ዝነበረ ሰብ እዩ። ተኣማንነቱ ኣብ ምህላው ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዘይምህላው'ውን ክነብሮ ስለ ዝጀመረ፡ ጐይታኡ'ውን ኣብ ሒደት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ብዙሕ'ውን ክሸሞ ከሎ ንርእዮ (ማቴ 25፡21)።
ካህን ኤሊ ኣብቲ ብዝኣረገ ኣዒንቲ ንእግዚኣብሄር ክርእይ ዝፍትነሉ ዝነበረ ጊዜ፡ ሓጢኣት ደቁ'ውን ንህዝቢ እስራኤል ንመስዋእቲ እግዚኣብሄር ክንዕቕ ዘተባብዓሉ ዝነበረ ጊዜ፡ ሓጢኣት እዞም ደቁ ክንዮ እቲ ዓብዪ ኣቦኦም፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣዝዩ ዓብዪ ስለ ዝነበረ፡ እግዚኣብሄር እሙን ካህን ከተንስእ ዝመከረሉ ጊዜ ነይሩ።
"ኣነ ከኣ ከም ልበይን ከም ነፍሰይን ዝገብር እሙን ካህን ከተንስእ እየ፡ ንእኡ ድልድልቲ ቤት ክሰርሓሉ እየ፡ ንሱ'ውን ንሓዋሩ ኣብ ቅድሚ መሲሄይ ክመላለስ እዩ" (1ሳሙ 2፡35)።

ተኣማንነት፣ ኣምባሳደር እግዚኣብሄር ኣብ ኣማኒ እያ። ከም ልቢ እግዚኣብሄር ኴይና ኣብቲ ዘይናይ እግዚኣብሄር ካህናት ዝርኣይሉ ቦታ እትሰርሕ ባህርይ እግዚኣብሄር እያ። ኣገልጋሊ እግዚኣብሄር ንዕዮ እግዚኣብሄር ሸለል እንድሕር ኢሉ፣ እግዚኣብሄር ከም ልቡ እሙናት ዝኮኑ ባሮት ካብ ምትንሳእ ኣይዓርፍን እዩ። ናይቲ እንዓዮ ዘሎና ዕዮ፣ ውሕልነት (ረታቅቀቕሸባቑሸቕተቦ) ኣባና ጥራይ ከም ዘሎ ኮይኑ ከይስምዓና ግን ንጠንቀቕ።
እሙን ኣገልጋሊ ስልማት ወንጌል እዩ። ኣብ ኩሉ ዕዮኡ እሙን ኮይኑ ምርካብ፣ ኣብ ኩሉ ቦታ ንኣምላክ ዝእመና ነፍሳት ክፍሪ ይገብሮ። “... ካብ መገብቲ ነፍሲ ወከፍ እሙን ኰይኑ ኪርከብ የድሊ እዩ” (1ቈረ 4፡2)። ናይ ተኣማንነት መድረኽ ኣብቲ ጥዑም ጊዜ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኣብቲ ናይ ፈተና ጊዜውን እዩ። ኣንቲጳስ፣ ሓደ ካብቶም ኣብቲ ማእከል ዝፋን ሰይጣን ዝነበሮ ቦታ ኮይኖም፣ ዝፋን መንግስቲ ጐይታ ዘስፍሑ ዝነበሩ ሰባት እዩ። ጐይታ ክምስክረሉ ከሎ “... ንኣንቲጳስ፣ ነቲ እሙን ምስክረይ፣ ኣብ ማእከልኩም ብዝቐተልዎ መዓ ልትታት...” ይብል (ራእ 2፡13)። ተኣማንነት እግዚኣብሄር ኣብ ማእከል ዘይኣመንቲ፣ ኣብ ማእከል መኳንንቲ፣ ኣብ ማእከል ዝፋን ሰይጣን ዘለዎ ቦታ'ውን እንተኮነ ዝንበር ናብራ እዩ። እቲ ኣብቲ ዝፋን ጸልማት ዝተተክለሉ ቦታ እሙን ዘይኮነ ክርስትያን፣ ኣብ ዕጻ ናይዚ ጸልማት ዝፋን፣ ርስቲ ይዕድግ ከም ዘሎ ርዱእ እዩ። ስለዚ ነቲ ገና ዘይንበቅዕ ከሎና፣ መንግስትን ካህናትን ኢሉ ዝተኣመነና ጐይታ፣ ንሕናውን ኣብ ቅድሚ ኩሉ ክንእመኖ ይግብኣና።
ኣብ መወዳእታ ንተኣማንነት፣ እንፈልጦ ጥራይ ዘይኮነስ እንነብረሉ ሰባት ኴንና፣ ነቲ ኣብ ቅድሚ ኵሉ፣ “ባርያይ ኢካ ሓሬኩካ ኣይነዓቕኩካን” ኢሉ ዝተኣመነና ጐይታ ተኣሚንና፣ ኣብዚ ዘይእሙንን ቁናንን ወለዶ፣ ንኣምላክ ዝኮኑ እሙናት ኴንና ክንሓልፍ እግዚኣብሄር ይደግፈና።
ጸሎት፣ ንዘይምእማን የቋርጾ። ተኣማንነት ከኣ ንዘይምጽላይ የቋርጾ። ተኣማንነት ኣብ ሰማይ ዝፍጸም ፍቓድ ሰብ ዘይኮነስ፣ ኣብ ምድሪ ዝፍጸም ፍቓድ እግዚኣብሄር እዩ። እሙናት ክንከውን ዓብዪ ድሌት ከም ዘሎና፣ ከምኡውን ንድሌትና ዝከውን ዓብዪ ተኣማንነት ከም ዘድልየና ምዝካር የድሊ። እንተደኣ እሙናት ክንከውን መዲብና፣ ዘይተኣማንነት ከይንከውን'ውን ንመድብ። ሰይጣን ካብ ተኣማንነት ከጉድለና እንተነብሒ፣ ሰይጣን ስለ ዝኮነ እምበር ሰይጣን ንክከውን ኢሉ ኣይኮነን እሞ፣ ሓደ ሓድሽ ነገር ከም ዝገጠመና ጌርና ክንርእዮ ኣየድልየናን።
እግዚኣብሄር ንዘይተኣማንነትና ብተኣማንነት እናተክአ ክሳዕ ምጽኣት ጐይታ እሙናት ኴንና ክንርከብ የክእለና። ኣሜን!
ጐይታ ይባርክኩም።